ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
المكتب التنفيذي

Eritrean National Council for Democratic Change
Executive Office
encdc.ex@gmail.com

Date: 03/07/2019

# ቃል መሪር ሓዘን

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብምኽንያት ዕርፍቲ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ዓሻ ዑስማን ኢድሪስ፣ በዓልቲ ቤት ጅግና ፈላሚ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብና ስዉእ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ፣ ዝተሰማዖ መሪር ሓዘን ብምግላጽ፣ ንመዋቲት ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ክቕበለን ንልዑል ፈጣሪ ንምህለል፣ ንኽቡራት ቤተ ሰበን መላእ ህዝቢ ኤርትራን፣ ብፍላይ ድማ ንኽቡር ተጋዳላይ ዶር. ከራር ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ጽንዓትን ኣኻእሉን ይሃቦም።

እቲ ኣዚዩ ዘሕዝን፣ ስድራ ቤት ስዉእ መራሒ ሰውራናን ካልኦት ስድራ ቤታት ስዉኣትን ተጋደልትን፣ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ፈጺሙ ዘይግደሰሎምን ኣዋሲንዎም ምህላዉን ኢዩ። እንተኾነ ግን ስርዓት ህግደፍ ኣሊና፣ ዕላማታት ሰውራና ብምሉኣም ብምርግጋጽ፣ ህዝብና ሓርነትን ፍትሕን ማዕርነትን ዝጕናጸፈሉ ኩነታት ዘውሕስ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ድሕሪ ምቛም፣ እዞም ክቡራት ስድራ ቤታት፣ ጻማ ቃልስታት ኣቦታቶምን ደቆምን፣ ኣብ ሕብረተሰብና ዝግበኦም ክብርን ቦታን ክረኽቡ ኪይተሓለልና ክንቃለስ ምኳንና ቃልና ነሐድስ።

ደጊምና ንክብርቲ ኣዴና ረቢ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበልን፣ ንሙሉኣት ስድራ ቤት ድማ ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃቦም።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ